ንድፊ-ጽሑፍ 11.5.2020
ህይወት ጸለምቲ ኣገዳሲ'ዩ (Black Lives Matter) ብዝብል ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ DeKalb ዝካየድ ናይ ትግባረ ሰሙን ዓመተ-2020

**ፈነወ ዜና**

DeKalb County School District (DCSD)፡ ካብ 9-13 ሕዳር ኣብ ዘሎ ሰሙን፡ "ህይወት ጸለምቲ ኣገዳሲ'ዩ ብዝብል ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ DeKalb ዝካየድ ናይ ትግባረ ሰሙን ዓመተ-2020" ክህልዎ እዩ። እቲ ንምሉእ ሰሙን ዝካየድ በዓል፡ ንበዓላት ማሕበራዊ ሚድያ Historically Black Colleges and Universities (HBCUs)፡ ንበዓል'ቲ ኣብ ኣውራጃ DeKalb ዝርከባ ብጸለምቲ ዝውነና ትካላት፡ My Brother's Keeper Kickoff፡ "My Black is Beautiful Unity Day ከምኡውን ብተማሃሮ ዝምራሕ ናይ ዝርርብ መደብ ዘጠቓልል ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዝካየድ ትምህርታዊ ንጥፈታት መዓልታዊ ክኽበር እዩ።

ቦርድ ትምህርቲ (Board of Education)፡ ንህይወት ጸለምቲ ኣገዳሲ'ዩ ብዝብል ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ DeKalb ዝካየድ ናይ ትግባረ ሰሙን ዓመተ-2020 ዝምልከት ውሳኔ፡ 13 ሓምለ 2020 ኣጽዲቕዎ እዩ። ሽቶ'ዚ ሰሙን'ዚ፥ እቶም ኣብ ኩሉ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ኣብ ጉዳያት ዓሌታዊ ፍትሒ ንኽነጥፉ ተባሂሉ ኣብ ኮማት ቤት ትምህርቲ ንዝካየድ ቀጻሊ ምንቅስቓስ ኣገዳሲ መርመራን ቅኑዕ ዝርርብን ንምንቕቓሕ እዩ።

ኣማሓዳሪት ቤት ትምህርቲ፡ Cheryl Watson-Harris፡ "DeKalb County School District፡ ብዝሑነት ዘለዎ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ስለዝኾነ፡ ነቲ ዘሎና ምዕሩግ ብዙሕነት ድማ ብኹሉ መገዲ ነብዕሎ ኢና" ብምባል ተዛሪባ። "ህይወት ጸለምቲ ኣገዳሲ'ዩ ብዝብል ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ DeKalb ዝካየድ ናይ ትግባረ ሰሙን ዓመተ-2020፡ ኣንጻር'ቲ ኣብ ኮማትና ዘጋጥም ዓሌታውን ማህበራውን ዘይፍትሓውነት ብዓውታ ብምዝራብ፡ ነቲ እወታዊ ምስልታት ተማሃሮ ናይ ኮማትና ንኽፈልጡ ንተማሃሮናን መምሃራናን ዕድል ዝህብ እዩ።"

ህይወት ጸለምቲ የገድስ'ዩ፡ ነቲ ብኣዋሃሃዲ ምክትታል ከባቢ ናይ Sanford, Fla ኣብ ልዕሊ 17-ዓመት ዝዕድሚኡ Trayvon Martin እተኻየደ ናይ ጥይት ቅትለት መልሰ-ግብረ ንምሃብ ኣብ 2013 እተጀመረ ሃሽታግ ማሕበራዊ ሚድያ እዩ። እዚ ምንቅስቓስ ማሕበራዊ ሚድያ፡ ናብ ዓለምለኻዊ ውድብ ተሰጋጊሩ፣ ሽቶኡ ድማ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ጸለምቲ ሰባት ፍትሒ፡ ሕውየትን ናጽነትን ዘምጽእ ሓይሊ ምህናጽ እዩ።

ኣቦ-መንበር ቦርድ ትምህርቲ ኣውራጃ ደካልብ (DeKalb County Board of Education)፡ Mr. Marshall Orson፡ ከምዚ ኢሉ፥ "እቲ ብDeKalb County School District ዝካየድ ህይወት ጸለምቲ የገድስ'ዩ ዝብል ሰሙን ቤት ትምህርቲ፡ ንጸለምቲ ተማሃሮ፡ ሰራሕተኛታትን ኮማትን ኣመልኪቱ ብዘባ መብጽዓ ከምእተኣትወ መረጋገጺ እዩ። በዘን ኮማት ኣብ ዝግበር ኣገዳሲ ኣበርክቶታትን ንዐኤን ዘጋጥመን ቀጻሊ ብድሆታትን ብምትኳር፡ ንህይወት ናይ'ቶም ኣባላት DCSD ወይ ምስኡ ምትእስሳር ዘለዎም ኩሎም ሰባት ከነሐይል ኢና።"

ኣባል ቦርድ ቤት ትምህርቲ Diijon DaCosta፡ "ኣብቲ ዘሎና ሕብረተሰብ፡ ምንቅስቓስ ህይወት ጸለምቲ ኣገዳሲ'ዩ፣ ነቲ ኣቦሓጐታትና ኣብ ምሉእ ታሪኾም ንእተቓለስዎ ቃልሲ ዝገልጽ ስእላዊ መግለጺ ድማ ዝውክል እዩ" ኢሉ። "ኣቦሓጐታትና፡ ንውሁዳንን ጸለምትን ንዝጠቅም ፍትሒ፡ ናጽነት፡ ማዕርነትን ለውጥን ተቓሊሶም። ኣብዚ ብምንጣፍ፡ ብዛዕብኡ ኣፍልጦ ብምህላውን ድምጽና ንኽስምዕ ብምምራጽን ነቲ ውርሻኦም ብቐጻሊ ኽንሃንጾ ይግባእ። ነቲ ዘሎ ኣበሃህላ፡ ናብ ምዕባላዊ ለውጢ፡ ብዙሕነትን ጥምረትን እንቕይረሉ ግዜ ሕጂ እዩ። ነቲ ፍልልይ ዘስዓበልና ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ኣሉታዊ ባህርያት ንኽቕጽል ንርእስና ከነፍቅድ ኣይንኽእልን ኢና። ለውጢ ካብ ርእስና'ዩ ዝጅምር።"

ብዛዕባ “ህይወት ጸለምቲ ኣገዳሲ'ዩ ብዝብል ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ DeKalb ዝካየድ ናይ ትግባረ ሰሙን ዓመተ-2020” ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንhttps://www.dekalbschoolsga.org/featured-news/black-lives-matter-at-dekalb-schools/ ከፊትኩም ርኣዩ።

እቲ ክዝርጋሕ ኣለዎ ዝብሃል ናይ ሚድያ ጠለባት፡ ናብ communications@dekalbschoolsga.org ክስደድ ይግባእ።